**ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት**
ተሓንጸጸ 1948

ኩሎም ሰባት ክውለዱ ኸለዉ ናጻን ማዕረን እዮም ብዘየገድስ ሕብሪ ቆርበት፥ ሃይማኖት፥ ፖለቲካ ወይ ካልእ ኣራኣእያ፥ ብብሄር ወይ ከኣ ብማሕበራዊ መበቆል፥ ሃብቲ፥ ሓላፍነት ወይ መዝነት ብሓፈሻኡ።

ኩሉ ሰብ ብህይወት ናይ ምንባር፥ ናይ ናጽነትን ድሕንነትን መሰል ኣለዎ።

ዝኾነ ሰብ ከቢድ ስቓይ ዘውርድ፥ ጭካነ ዝመልኦ፥ ኢሰብኣዊ ወይ ሰብኣዊ ክብሩ ዘዋርድ ኣተሓሕዛ ወይ መቕጻዕቲ ኣይፍጸሞን።

ንዓቕመ ኣዳምን ሄዋንን ዝበጽሑ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዜግነት ወይ ሃይማኖት ከይገደቦም ናይ ምምርዓውን ቤተሰብ ናይ ምምስራትን መስል ኣለዎም። ኣብ ኣመሰራርታ ሓዳር፥ ኣብ እዋን ሓዳርን ኣብ እዋን ፍትሕን ማዕረ መሰል ኣለዎም። ቃል ኪዳን ብናጻን ምሉእ ፍቓድን መርዑት ጥራይ ይፍጸም።

ኩሉ ሰብ ናይ ኣታሓሳስባ፥ ሕልናን ሃይማኖትን ናጽነት ኣለዎ፥ እዚ መሰል እዚ ሃይማኖቱ ወይ እምነቱ ንምልዋጥ ዘለዎ ናጽነት የጠቓልል።

ኩሉ ሰብ ናይ ምዝራብን ናይ ብናጻ ምሕሳብን መሰል ኣለዎ። ኩሉ ሰብ ንስራሕ፥ ንናጻ መረጻ ዓይነት ስራሕ፥ ንፍትሓውን ምቹእን ኩነታት ስራሕን ስራሕ ክይስእን ንዝግበር ሓለዋን መሰል ኣለዎ።

ኩሉ ሰብ ዕድል ትምህርቲ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ። እቲ ዝወሃብ ትምህርቲ ኣብ ምዕባለ ሰባዊ መንነትን ኣብ ምጥንኻርን ምኽባርን ሰብኣዊ መሰላትን መሰረታዊ ናጽነታትን ዘተኮረ ክኸውን ኣለዎ።

ኩሉ ሰብ ሕብረተሰባዊ ግዴታ ኣለዎ።

**ኣብ ልዕሊ ደቀንስተዮ ንዝፍጸም ኩሉ ዓይንት ጸቕጥታት ንምውጋድ ዝወጸ ድንጋገ**
ተሓንጸጸ 1979

ደቅ ኣንስትዮ ስበኣዊ መሰላት ክህልወንን ክተግበርኦ ክኽእላ ኣለወን።

ወለዲ ንደቆም ማዕረ ሓላፍነት ይህልዎም። ልዕሊ ኹሉ ናይቲ ቆልዓ ምቹእነት ቀዳማይ ቦታ ክህልዎ ይግባእ።
ኣብ መንጎ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ክህልው ዝግባእ ማዕርነትን መሰልን ብሕጊ ክረጋገጽ ኣለዎ።

እቲ ዕላማ ንናይ ደቀ ኣንስትዮ ማዕርነት ክብ ንምባል እንተደኣ ኮይኑ ግዝያዊን ኣውንታውን ዝኾነ ፍሉይ ኣታሓሕዛ ንደቀንስትዮ ክግበር ይከኣል።

ኣብ ግዜ ምርጫ ንምድማጽ፥ ዕላዊ ዝኾነ ቦታ ኣብ ምትሓዝ ክምእውን ተሳትፎ ኣብ ሃገራዊ ኮነ ኣህጉራዊ ፖለቲካ ደቀንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ ዕድል ክወሃበን ይግባእ።
ኣብ መንጎ ደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዘሎ ማሕበራዊን ሕብረተሰባውን ኣጠማምታ ንምልዋጥ ስጉምትታት ክውሰድ ይግባእ። ኣብ ድሑር ባህልን ልምድን ተምርኩዙ

ንደቀንስትዮ ዘነኣእስ ወይ ከኣ ንደቂ ተባዕትዮ ጥራይ ዕድል ዘውህብ ኣጠማምታ ክውገድ ይግባእ።

ደቀንስትዮ ዜግነትን ባዕለን ክመርጻን ክወስናን ክኽእላ ኣልወን። ሓዳር ኣብ ዝምስርታሉ እዋን ተገዲደን ናይ ሰቡኡተን ዜግነት ክወስዳ የብለንን።

ቆልዑት ብቐጥታ ናይ ኣብኦም ዜግነት ጥራይ ክወስዱ የብሎምን።

ደቀንስትዮ ንትምህርቲ፥ ብክብ ዘበለ ትምህርቲ ንምምራቕን ንስራሕ ማዕረ ዕድል ኣለውን።

ኣንጻር ኣብ ድሑር ልምዲ ዝተመርኮዘ ኣፍላላይ ጾታ ኣብ ትምህርትን ስራሕን ክስርሓሉ ይግባእ። ንትምህርትን ስራሕን ብዝምልከት ናይ መምሃሪ መጻሕፍቲ ኣብ ድሑር ልምዲ ዝተመርኮዘ ኣፈላላይ ጾታ ቦታ ክህልዎ ኣይግባእን። ብኣንጻሩ ኣብ ምምራጽ ትምህርትን ስራሕን ጾታ ተራ ዘይብሉ ኣገባብ ክተባባዕ ይግባእ።
ደቀንስትዮ ስራሕ ብናጻ ክመርጻ፥ ማዕረ ደሞዝን ሕብረተሰባዊ ዋሕስን፥ መሰል ናይ ስራሕ ዋሕስን ስድራ ቤት ክምእውን መሰል ካብ ባንክን ካልኦትን ናይ ምልቃሕ መሰል ኣለውን።

ደቀንስትዮ ብሰንክ ነፍሰ ጾሩነትን ኣደ ምካንን ምኽንያት ካብ ስራሕ ክስጎጋ የብለንን።

እቲ ሕብረተሰብ ስራሕን ሓዳርን ተሰማሚዑ ክኸይድ ክምእውን ተሳትፎ ኣብ ዕላዊ ናብራ ክስስን ሕብረተሰብ ናኣኡ ምቹእ ዝኾነ ሃዋህው ክፈጥር ኣለዎ።

ደቀንስትዮ ናይ ጥዕናን ናይ ሕክምና ቦታታት ናይ ምርካብ ዕድል ክህልወን ክምእውን ንውላድ ብዝምልከት ባዕለን ክወስና መሰል ኣለወን።

ደቀንስትዮ ኣብ ቅድሚ ሕግን ቤትፍርድን ማዕረ መሰል ኣለወን። ንብረት ናይ ምውናን መሰል ደቀንስትዮ ክገሃስ የብሉን።

ደቀንስትዮ ናብዝደለዮ ቦታታት ክንቀሳቀሳን መንበሪ ቦታ ናይ ምምራጽ መሰል ኣለወን።

ደቀንስትዮ ማዕረ መሰል ናይ ምምርዓውን፥ ስራሕ ናይ ምምራጽን፥ ኣብ መውስቦ ክወከሳ ክመዘለወንን፥ ኣብ መውስቦ ማዕረ መሰልን ሓላፍነትን ክምእውን ኣብ ፍትሕ ማዕረ ዕድል ኣለወን።
ደቀንስትዮ ቆልዑት ኣብ ምሓዝን ምዕባይን ክምእውን ኣብ ምክንኻን ማዕረ መሰል ኣለወን።
ደቀንስትዮ ሽም ስድራቤት ናይ ምምራጽ መሰል ኣለወን።

## ድንጋገ ንመሰል ህጻናት
ተሓንጸጸ 1989

ኣብ ስዊድን ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ ዘበለ ኹሉ ህጻን ይጽዋዕ።

ንህጻናት ኣብ ዝምልከት ጉዳያት ኩሉ ጊዜ ነቲ ህጻን ዝሓሸ ቀዳምነት ይወሃቦ። ህጻናት ናይ ምንባር መሰል ኣለዎም።

ህጻናት ድሕሪ ምወላዶም ብቐጥታ ክምዝገቡ ኣለዎም። ሽም ናይ ምርካብ መሰልን ናይ ዜግነት መሰልን ክምእውን ዝከኣል እንተኾይኑ ወለዶም መን ምዃኖም ናይ ምፍላጥ መሰል ኣለዎም።

ህጻናት ካብ ወለዶም ብዘይድሌቶም ክፍለዩ የብሎምን።

ህጻናት ንኣኣም ዝሓሸ ኩነታት ኮይኑ ምዝርከብ ካብ ወለዶም ክፍለዩ ይኽእሉ። ንኣብነት መጥቃዕቲ ምስዘጋጥሞም ወይ ድማ ግቡእ ኣተዓባብያ እንተዘይተገብረሎም ወይ እውን ወለዶም ተፋላልዮም ዝንበሩ እንተኾይኖም ህጻናት ኣበይ ክነብሩ ከምዘለዎም ምውሳን የድልይ።

ህጻናት ወለዶም ተፋላልዮም ዝነብሩ እንተኾይኖም ምስ ረብሓ ህጻናት ዘይጋጮ እንተዳኣ ኮይኑ ምስ ወለዶም ዝራኸቡሉ መገዲ ክህልው ይግባእ።

ህጻናት ብዘይ ሕጊ ክጭወዩን ናብ ወጻ ሃገር ክውሰዱ የብሎምን።

ህጻናት ሓሳብካ ናይ ምግላጽ መሰል ስለዘለዎም ንኣኣቶም ብዝምልከት ጉዳያት ሓሳባቶም ብናጻ ክገልጹ መሰል ኣለዎም። ንዕደምኦምን ንብስለቶምን ግና ኣብ ግምት ምእታው የድልይ።

ናይ ህጻናት መሰል ብናጻ ምሕሳብን መሰል ሕልናን ከምእውን መሰል ሃይማኖቶም ክኽበር ኣለዎ።

ህጻናት ኣብ ውልቃዊ ኮነ ኣብ ስድራቤታዊ ሂወቶም ብሕጊ ኮነ ብዘይሕጋዊ መገዲ ጸቕጢ ክግበረሎም የብሉን።

ንህጻናት ካብ ኣካላዊ ኮነ ሰነኣእምሮኣዊ ማህሰይቲ፥ ጉድኣት ወይ ከኣ መጥቃዕቲ፥ ግጉይ ኣታኣላልያ ወይ ከኣ ሕማቕ ኣታሓሕዛ፥ ወጽዓ ወይ ከኣ ካብ ናይ ግብረ ስጋ መጥቃዕቲ ዝከላኸለሎም ሕጊ ኣብሊካ ሕብረተሰባውን ምምሕዳራውን ስጉምቲ ክውሰድ ይግባእ።

ንግዚኡ ካብ ወለዶም ዝተፈለዩ ህጻናት ካብ ሕብረተሰብ ምክሻኻልን ሓገዝን ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም። እዚ ክግበር ከሎ ናይቶም ህጻናት ብሄርን፥ ሃይማኖትን፥ ባህላውን ቃንቃውን ትሕተ ባይታ ኣብ ግምት ምእታው የድሊ።

ናይ ኣካላውን ወይ ከኣ ሰነኣእምሮኣውን ጉድለት ዘለዎም ህጻናት ግቡኡን ምሉእን ህይወት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።

ህጻናት ሕክምናን ጽቡቕ ኣታኣላልያን ከምእውን ሕብረተሰባዊ ቅሳነት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።

ህጻናት ንጥዕንኦም ካብ ዝጎድእ ድሑር ባህሊ ክቃልዑ የብሎምን።

ህጻናት ንእንታይነቶም ማለት ንኣካላውን ንስነ ኣእምሮኣውን ተኽእሎታቶም ዘማዕብል ትምህርቲ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም። እቲ ዝወሃብ ትምህርቲ ህጻናት ኣብ ልዕሊ ወለዶም ኣኽብሮት ንክሕልዎም ዘማዕብል፥ ናይ ህጻናት ባህልን መንነትን ቃንቃን ክብረታትን ዘማዕብል፥ ህጻናት ንዝቕመጥዎ ወይ ከኣ ንመበቆሊኦም ዝኾነ ክብርታት ዘማዕ ብል ከምእውን ካብ ናይ ህጻናት ባህሊ ዝፍለ ባህልታት ኣኽብሮት ዘውህብ ክኸውን ኣለዎ።

ህጻናት ናይ ዕረፍትን ናይ ናጻ ጊዜ ምርካብን፥ ምስ ዕድመታቶም ዝሳነ መዘናግዒ ንኽረኽቡ መሰል ኣለዎም።

ንህጻናት ዝሃሲ መጭወይትን ሽየጣን ኩልኩል እዩ።

*"ዝኾነ ባህሊ፥ ሃይማኖት ኮነ ክብርታት ንደቀንስትዮ ንምጽቃጥ ምኽንያት ክኸወን የብሉን። ዝኾነ ባህሊ፥ ሃይማኖት ኮነ ክብርታት ሓንቲ መንእሰይ ጓል ንብሕታዊ ናብራኣ ንኽይትምርሕ ኮነ ወሳነታታ ባዕላ ንኽይትውስን ምኽንያት ኽኸውን ይብሉን።" ሙና ሳሊን*

Tigrinja



**ካብ ወዱብ ሕቡራት ሃገራት ዝተዋጽአ**
**ሰለስተ ኣህጉራዊ ሰነዳት***

- ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት
- ኣብ ልዕሊ ደቀንስተዮ ንዝፍጸም ኩሉ ዓይንተ ጽቕጥታት ንምውጋድ ዝወጸ ድንጋገ
- ድንጋገ ንመሰል ህጻናት

ኣሰናዳኢ ጽሑፋት ሲሞነ ሊንድስተን
Länsstyrelsen Västra Götalands län

**Översättning:**

LÄNSSTYRELSEN
VÄSTRA GÖTALANDS LÄN

* För texterna i sin helhet, se www.humanrights.se